# ነፍሰጾር እንተደኣ ኰንክን ንናይ ሴክሽን 4 ድጋፍ ብኸመይ ከተመልክታ ትኽእላ

scottish refugee council

ሕዳር 2002

Tigrinya

ሴክሽን 4 ዝበሃል ሓገዝ፡ ናይ ዑቕባ ሕቶኽን እንተደኣ ተነጺጉ ከምእውን ዘቕረብክንኦ ናይ ይግባይ ሕቶ ተቐባልነት እንተደኣ ዘይረኸበ፡ ብቤት ጽሕፈት ጉድዳይ ስደተኛታት ንሓጺር ጊዜ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። ካብ ዓዲ እንግሊዝ ቀልጢፍክን ክትወጹ እንተደኣ ዘይከኣልክን እሞ ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብዘይ መንበሪ ወይድማ መግቢ መግዝኢ ገንዘብ ምስትስእና (ድኻ ወይድማ ምንም ዘይብሉ ነዳይ)፡ ኣብ ጊዜ ጥብስኽን ናይ ሰክሽን 4 ድጋፍ ንምቕባል ብቑዓት ክትኮና ትኽእላ ኢኽን።

እንተኾነ ግና፡ ናይ ሴክሽን 4 ድጋፍ ንምርካብ ብምክንያት ጥንስኽን እንተደኣ ኣመልኪትክን፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ብምልኦም ከተቕርባ ይሓተክን። ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ነገራት ምስ ኣከብን፡ ናይ ቤጥ ጽሕፈት ጉዳያት ስደተኛታት ምጻ እሞ ናይ ሰክሽን 4 ድጋፍ ብምርካብ ቀጸራ ክንሕዘልክን ኢና።

ዘድልየክን ሰነዳት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥

1. ብውሕዱ ናይ 32 ጥንሲ ከምዘለክን ዝሕብር ናይ A MATB1 ሰርቲፊኬት ካብ ሓኪምክን (GP) ወይድማሲ ነርስ። ኣብ መሕረሲ ነርስ እንተደኣ ገና ዘይተረኣኽን ኰንክን ቆጸራ ክንሕዘልክን ንኽእል ኢና፣

2. ናብ ዓዲ እንግሊዝ ካብ ዝኣቶኽናሉ ግዜ ጀሚሩ ዝተቐመጥክናሉ ቦታ ኩሉ ዝርዝር ኣድራሻታት። እቲ ዝርዝር ኣድራሻታት ብዕለት ዝተሰርዐ ክኸውን እንከሎ በዚ ሕጂ እንበራሉ ዘሎኽን ኣድራሻ ብምጅማር ክሳብ እቲ መጀምርያ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምስኣቶኽን ዝተቐመትክናሉ ኣድራሻ ብዝርዝር ግለጽኦ። ከምእውን ናይቶም ምስኦም ዝተቐመጥናሎም ሰባት ስም ዝርዝር፡ እንተደኣ ተኻኢሉ ድማ፡ ንምንታይ ሕጂ ንሳቶም ክድግፉኽን ዘይከኣሉ ዝገልጽ ደብዳበ ኣማሊእክን ጸሓፉ። እዚ ድማ ብፍላይ

እዚ ማመልካቻ ቅድሚ ምእታው ዝነበረ ናይ መወዳእታ ዓመት ኣድላዩ ይኸውን። ከምእውን ኣብዚ ኣድራሻታት እዚ ኣብ ትቕመጣሉ ኣብ ዝነበርክናሉ እዋን ዝተሰደደልኩን ደብዳቤታት ከም መረጋገጺ ከተቕርብኦ ትኽእላ ኢኽን፤ እዚ ድማ ንናይ ሰክሽን 4 ሕቶኽን ክሕግዞ ይኽእል እዩ፣

3. ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ካብ ዝኣቶኽናሉ ጊዜ ጀሚሩ ዝሰራሕክናሉ ቦታ ዝርዝር ብጽሑፍ፤ እዚ ድማ ፓይሊስት፣ ከምእውን ስራሕ ኣብ ምውድኡ ዝወሃብ ናይ P45 ፎርም እንተደኣ ኣሎክን ኰይኑ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ እንተደኣ ሰሪሕክን ኰንክን፡ ሕጆ ክሳብ ምስራሕ ዘቋረጽክን እዚ ነቲ ናይ ሰክሽ ን4 ሕቶኽን ኣሉታዊ ጽልዋ የብሉን፣

4. ናይ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝርዝር ሓበሬታ ዘጠቓልል ናይ ዝኾነ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዘሎክን/ዝነብረክን ናይ ባንኪ ሕሳብ፣ ከንእውን

5. ምስቲ ኣቦ ናይ ውላድክን ክሳብ ሕጂ እንተደኣ ርክብ ኣሎክን ኮይኑ፡ ካብኡ ኣድራሻታት፣ ናይ ስራሕ ዝርዝር ሓበሬታ፣ ከምእውን ናይ ባንኪ ሕሳብ ዝርዝር ሓበሬታ ካብኡ ከድልየክን ከምእውን ስለምንታይ ንሱ ክድግፈክን ዘይከኣለ ዝገልጽ ናይ ጽሑፍ መግለጺ።

ኣድላዩ፥ እቲ እተቕርብኦ ደብዳቤታ ብቋንቋ እንግሊዝ ዝተጻሀፈ ክኸውን ኣለዎ። እንተኾነ ግና፡ እቲ ደብዳቤ ዝጽሕፍ ኣካል ብቋንቋ እንግሊዝ ክጽሕፍ እንተደኣ ዘይክእል ኮይኑ፡ ኣብቲ ቆጸራኽን መዓልቲ ምሳኽን ናይ ቤት ጽሕፈትና ሒዝክናኦ ምጻ እሞ ንሕና ድማ ደብዳበ ክጽሕፉ ክንሕግኦም ኢና።

ነቲ ኣብቲ ደብዳቤ ዝግለጽ ዝርዝር ኣድራሻታት ከምእውን ናይ ስራሕ ቦታታት ብቋንቋ እንግሊዝ ክትጽሕፍኦ እንተደኣ ዘይከኣልክን፡ ብቋንቋኽን ክጸሓፉ ይኽእሉ እዮም።